ሓጺር ዜና ቃልና

ኣብ ዝሓለፈ 22 መስከረም 2007 ምምስራት ቃልና ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላትን ዝኸሪ እቶም ኣብ ትሕቲ መቕሕ ዚርከቢ ተባዓት ብሕታውያን ጋዜጠኛታት ኤርትራ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ቶሮንቶ ዩኒቨርሲቲ (O.I.S.E.) ጉባኤ ምክያዱ ተገሊጹ። ኣብቲ ዝተገብረ ጉባኤ ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን፡ተወከልቲ NDP፡ CFPJ፡ PEN Canada ከምኡውን ወከልቲ ሓለፍቲ ከተማ ቶሮንቶ ተሳተፍቲ ምንባሮም ተፈሊጡ። ኣብቲ እዋንቲ ነቲ ጉባኤ ኣመልኪቱ ኣቦ ወንበር ቃልና ናይ መእተዊ ቃል ድሕሪ ምቕራቡ፡ ሰለስተ ኤርትራውያን ነቲ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብግምባር(ብኣካል) ዝፈልጥዎ ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም። ብምቕጻል ካብ ዚተፈላለያ ትካላት መንግስትን ካልኦት ኣሓት ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላትን መልእኽቶም ብንባብ ኣቕሪቦም። ኣብ መወዳእታ፡ ቃልና ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላት ቶሮንቶ ዕላዊ መግለጺኡ ድሕሪ ምቕራብ እቲ ኣኼባ ብዓወት ምፍጻሙ ተገሊጹ።

ዝርዝር ዜና ጉባኤ ቃልና ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላት ቶሮንቶ ኣብ ሓጺር እዋን ክቐርብ ምኽኣ እናሓበርና በዚ ኣጋጣሚ ዕቱብ ምክትታል ክትገብሩ ንዕድም።

ቃልና ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላት ቶሮንቶ።